**03/ መጋቢት/ 2017**

## ሱዳን 4-ኣባላት ጸጥታ ኤርትራ ኣሲሮም።

## ንብረቶም ድማ ኣብትሕቲ ቁጽጽር ኣትዩ ኣሎ።

ካብ መወዳእታ የካቲት- 03/ መጋቢት/ 2017 ኣብ ዘሎ መዓልታት፡ ጸጥታ ሱዳን ኣብ ካርቱም ጃብራ ዝበሃል ቦታ ኣብ ልዕሊ ጸጥታ ኤርትራን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ሰለስተ መንበሪ ኣባይቲ ብሃንደበት ፈቲሾም። ከም ሳዕቤኑ ኣርባዕተ (4) ኣባላት ጸጥታ ኤርትራ ተኣሲሮም ኣለዉ። ብተወሳኺ ድማ ኣብኡ ዝጸንሐ ዝተፈላለዩ ንብረት ከም ሕጋዊ መርትዖ ብኤግሲቪት ሱዳን ሒዞሞ ኣለዉ ። እቲ ዝተታሕዘ ንብረት ብጸጥታ ኤርትራ ዝውነን ኣጽዋርን ገንዘብን። ሰለስተ ዓይነት ፓስፖርትን በብዓይነተን ቴለፎን ሞባይል። ኮምፒዩተራትን ፎቶ ኮፒ መንቀሳቐሲት መኪና ካልእ ቀንጠመንጢ ንብረትን ወዘተ ከምዘጠቓልል ምንጭታትና ኣረጋጊጾም። ጸጥታ ኤርትራ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝጥቀሙሉ መንበሪ ኣባይትን መኪናን ድማ ብስእሊ ተሰንዩ ቀሪቡ'ሎ።





ስእሊ 1-ኣብ ጃብራ ካርቱም ዝነበረ ኣባይቲ ጸጥታ ኤርትራ። ስእሊቍ-2 ኑረዲን ዝሕዛ ንጸጥታዊ ኣገልግሎት ትሰርሕ ማኪና

### ኣብ ካርቱም ዝተኣስሩ ኣባላት ጸጥታ ኤርትራን ተሓባበርቶምን፡

| ተርታ | ሙሉእ ስም | ትውልዲ /ዕድመ/ | ድሕረ ባይታ | ምዱብ ስራሕ | ቦታ ስራሕ | ዕለተ ማእሰርቲ | ዝተታሕዘሉ ቦታ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ኣማኒኤል ፍቓዱ ገብረምካኤል | 1968 | ናይ 1984 ተጋዳላይ | ናይ ወጻኢ ስለያ | ጨንፈር ካርቱም | 27/02/ 2017 | ጃብራ ካርቱም |
| 2. | ተስፋይ ገብሩ ተኽለብርሃን | 1983 | 8ይ ዙርያ | >> >> | >> >> | 27/02/ 2017 | >> >> |
| 3. | ኑረዲን ኣደም ሙሳ | 1971 | ናይ 1989 ተጋዳላይ | >> >> | >> >> | 27/02/ 2017 | >> >> |
| 4. | ኣዜብ ኪዳነ ገብረትንሳኤ | 37 ዓመት | 10ይ- ዙርያ | >> >> | >> >> | 27/02/ 2017 | >> >> |

### ኣብ ጃብራ ካርቱም ዘይሕጋዊ መንበሪ ጸጥታ ኤርትራ ዝተታሕዘ ዝርዝር ንብረት ፡፡

1. **ኣጽዋር** ክልተ ሽጉጥ ዓይነተን ሜካሮቭ እየን። ንሳተን ድማ
   (1.1) ሜካሮቭ መለለዪ ቍጽሪ ብረት- P00184924U (1.2) ሜካሮቭ- ቍጽሪ ብረት AB 86593

2. **ፓስፖርት**፥ ዕስራን ክልተን (22) በብዓይነቱ ፓስፖርት ተታሒዙ። ንሱ ድማ፥ ዓሰርተ ሽዱሽተ (16) ፓስፖርት ናይ ኤርትራ። ኣርባዕተ (4) ፓስፖርት ናይ ኡጋንዳ። ክልተ (2) ትራቨል ዶኩመንት ናይ ጀርመን ይርከቡዎም።

3. **<u>በብዓይነቱ ገንዘብ፡</u>**

- ክልተ ሚእትን ኣርብዓን ሺሕ ( **240, 000**) ደላር ኣመሪካ። ሰብዓን ሾመንተን ሺሕ (€ **78, 000**) ናይ ኤውሮጳ ባጤራ።
- ሚእትን ኣርብዓን ሚልዮን (**140, 000,000**) ፓወንድ ባጤራ ሱዳን። ሰላሳን ሓሙሽተን ሺሕ (**35,000**) ርያል ሱዑዲ ዓረብ።

4. **ኮምፑዩተር**፡ ክልተ (2) ላብቶብ ኮምፑዩተራት ምስ ሓንቲ መሳርሒ ፎቶ ኮፒ።

**5. ሞባይል ተሌፎናት፡** ዓሰርተ ሓደ (11) በብዓይነተን ሞባይል። ዝርዝራተን ድማ፥

ሓንቲ (1) ሳተላይት ተሌፎን (Thuraya XT Dubai)።ክልተ (**2**) Nokia 230 (2.80", Dual SIM, 2MP, Silver)። ሰለስተ (**3**) Nokia E73 Phone USA (Cell Phone Spy Software Apps። ክልተ (**2**) BlackBerry DTEK70። ሓንቲ (**1**) Nokia N86- Black ። ሓንቲ (**1**) Nokia N70 with 2 sim cards MTN – Sudani.

**ተወሳኺ መብርሂ፡**

1. እታ ኣብ ስእሊ ዘላ ማኪና፡ ኑረዲን ኣደም ሙሳ ዝሕዛ ናይ ጸጥታ ኤርትራ ማኪና እያ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ቍ. 2 ተጠቒሱ ዘሎ ተስፋይ ገብሩ ተኽለብርሃን ወዲ 34 ዓመት መንእሰይ ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት 8ይ- ዙርያ'ዩ። ተስፋይ ኣባል ጸጥታን ናይ ኮምፑዩተር ኪኢላን ኮይኑ የገልግል።
2. ብሱዳን ዝተገብረ ሃንደበታዊ ጸጥታዊ ተፍቲሽ ከም መበገሲ ዝኾኑ ክልተ ምኽንያት ከምዘለዉ ይገልጹ ምንጭታትና፥

**<u>ቀዳማይ</u>**፥ እቲ ብስርዓት ኤርትራ ተወዲቡ ኣብ ኩሉ ዘይሕጋዊ ተግባር ዝዋፈር ጉጅለ ራሻይዳ፡ ክልተ ቶዮታ ሄሉክስ ሒዞም ብብሎኮ ሓፊር ሰጊሮም። ንክብሪ ሉኡላዊ መሬት ሱዳን ደፊሮም ድማ 10 ኪሎሜተር ንውሽጢ መሬቶም ኣትዮም። ኣኽበርቲ ጸጥታን ተቖጻጸርትን ዶብ ዝኾኑ ሰራዊት ሱዳን ድማ ኣብ መሬቶም ጠጠው ኣቢሎም ክሓትዎም ኣብ ዝፈተንሉ እዋን እቲ ዘይሕጋዊ ጉጅለ ራሻያዳ ተኹሲ ከፊቶም ንክልተ ሱዳናውያን ምቕታሎም ሓደ ዓቢ ምኽንያት ጸጥታዊ ተፍትሽ'ዩ።

**<u>ካልኣይ</u>** ምኽንያት ድማ፡ እቲ ብጉጅለ ራሻይዳ ዝተፈጸመ ዘይሕጋዊ ተግባር ንምሽፋን፡ ብስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ከምዝተፈጸመ ኣምሲሉ ናብ ጸጥታ ሱዳን ግጉይ ጸጥታውን ፖለቲካውን ውዲት ዘለዎ ሓበሬታ ንጸጥታ ሱዳን ከምዝበጽሖ ገይሩ። ስደግኤ ከም ውድብ ብዘይፈጸምናዮ ገበን ሓላፍነት ክሰክመና ፈቲኑ።

ስለዚ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ድማ ንዘይፈጸሞ ገበን ሓላፍነት ስለዘይስከም ድማ ነብሱ ናይ ምክልኻል መሰል ኣለዎ። ስለዚ ነቲ ካብ ኤርትራ ተበጊሱ ኣብ መሬት ሱዳን ዘይሕጋዊ ተግባር ዝፈጸመ ጉጅለ ራሻይዳን ውዲት ኤርትራን ዘቃልዕ ብሓደ ወገን፡ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ዘሎ ጸወታ ጸጥታ ኤርትራ በቲ ካልእ ዘቃልዕ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ድማ ብመርትዖ ኣሰንዩ ንሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ከምዘረከበ ሓቢርና ነይርና። እዚ ሓላፍነታዊ ባህርያትን ዘይስገር መርትዖን ድማ ንጸጥታ ሱዳን ተወሳኺ ምኽንያት ናይ ተፍትሽ ከምዝኾነ ይገልጹ ምንጭታትና።

3. ኮሎኔል ዮናስ ብጹዓምላኽ ሓላፊ ክ/ስለያ ምዕራብዊ እዝን ምክትታል ዶባትን ቈጸራ ሕክምና ገዲፉ ንኤርትራ ሃዲሙ ኣሎ። ምኽንያቱ ኮሎኔል ዮናስ ሕክምና ክገብር ንካርቱም ብነፋሪት'ዩ ኣትዩ ዕለት 16/02/ 2017. ንሱ ኣብ ትሕቲ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን እናተቐመጠ ንሕክምና ይመላለስ ስለዝነበረ ድማ ንዝመጽእ ሰሙን ቈጸራ ነይሩዎ። እንተኾነ ግና፥

- ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ስደግኤ ብዕለት 26/ 02/ 2017 ዝነበረ ዘይሕጋዊ ፍጻሜ ጋዜጣዊ መግለጺ ምስኣውጽአ፡ ኮሎኔል ዮናስ ከም ቀንዲ ወዳብን ኣዋፋርን ጉጅለ ራሻይዳ ምኻኑ ጥራይ ዘይኮነ ሕጂ ኣብ ካርቱም ሱዳን ይሕከም ምህላዉ ኣቃሊዕናዮ ነይርና።

**ስለዚ**፥ ኮሎኔል ዮናስ ድማ፡ ንዝመጾ ጸጥታዊ ሳዕቤን ገምጊሙ ድማ፡ ጉዳይ ጥዕንኡ ከየገደሶ ናይ ሕክምና ቆጸርኡ ገዲፉ ከምቲ ዝመጾ ብነፋሪት ዘይኮነ፡ ካብ ካርቱም ተብተብ ኢሉ ብማኪና ብጽርግያ ካርቱም- ከሰላ ንኤርትራ ሃዲሙ ኣሎ ብዕለት 28/02/2017።

**ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ በዚ ኣጋጣም'ዚ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ።**

1. ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ንስርዓት ኤርትራን ኩሉ ዉዲታቱን ካብ ምቕላዕ ድሕር ኣይብልን'ዩ። ስለዚ እቶም ምስ ነዚ ዘይሰብኣውን ዘይሕጋውን ስርዓት ምትሕብባር ትገብሩ ዘለኹም፡ ሕልናኹም መርሚርኩም ኣብ ጎኒ ህዝብኹም ክትስለፉ ንመክር።
2. እቶም ብስልጣን ካልእ ረብሓን ጸቢብ ኣትሓሳስባን ንዕድመ ምልካዊ ስርዓት ንምንዋሕ ኮነ ኢልኩም ብመደብ ትሰርሑ ዘለኹም፡ ኤርትራ ከም ኩሉ ስርዓታት ነባሪ ከምዘይኮነ ኤርትራዊ ተሞኩሮ ዝምስክሮ'ዩ። ስለዚ

- ድሕሪ ውድቀት ምልካዊ ስርዓት ድማ ንስድራኻን ቤተሰብካን ሕማቕ ስም ዝገድፍ፡ ንባዕልኻ ድማ ታሪኻውን ሕጋውን ተሓታትነት ከምዘስዕብ ክትግንዘቡ ንጽውዕ። ናይ ሕልና ጣዕሳ ገይርኩም ድማ ህዝብኹም ክትክሕሱ ግቡእ ስለዝኾነ ምኽርና ንልግስ፡ መጠንቀቕታና ድማ ከነመሓላልፍ ንፈቱ።
- ነዚ ናይ ሕልናን ናይ ፍትሕን መሰረት ዝገብር ሃገራውን ህዝባውን ጻውዒትና ነጺግኩም፡ ኣንጻር ህዝብኹም ተሰሊፍኩም ገበናዊ ተግባራት ክትቕጽሉ እንተመሪጽኩም ድማ፡ ናይ ነብስኹም ይኹን ናይ ዝመጽእ ሳዕቤን ተሓተቲ ከምዝኾንኩም ኣነጺርና ደጋጊምና ክንሕብር ንፈቱ።

3. ከም ደለይቲ ለውጢ ድማ፡ ሃገርና ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ዘጋጥመና ዘሎ ጃምላዊ ህልቂትን ዕንወትን ኩልና ብማዕረ ንፈልጦ፡ ብማዕረ ንሳቐየሉን ንሐመሉን እዩ። እቲ ሕቶ ካብዚ ናይ ሓባር ስቅያት ንምውጻእ ኣንጻር ኣዕናዊ ስርዓት ሓቢርና ምቅላስ ጥርናፈ ጎዲሉና ኣሎ። ስለዚ ሓይልናን ድምጽናን ነዕብየሉ፡ ኣብ ፈላላዩ ዘይኮነ ኣብ ጠማሪ ሓሳብ ዘምርሓና ጽምዶ ንምእታው ብግሉጽነት ተኸባቢርና ክንዝትየሉ መድረኻዊ ጠለብ ክንምልሽ ናይ ኩልና ሃገራዊ ግዴታ ምኻኑ ከም መዘኻኸሪ ጥቕስ ከነብሎ ግቡእ ይመስለና።

ክፍሊ ዜናን ባህልን፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - ስደግኤ

Email: uedf2012@gmail.com Website: www.erifront.com 03/ March/ 2017